# መሰደሪ ሓቂ truth’s yardstick

ልክዕ ብወርሒ ሰነ ቅድሚ ናይ ሎሚ ሓደ ዓመት ሕቡራት መንግስታት ነቲ እብ ልዕሊ ስርዓት ህግደፍ ብኤርትራውያን ደለይቲ ፍትሕን ብስድራ-ግዳያትን ዚቐርበሎም ዚነበረ ጥርዓናት - ብዛዕባ ጥሕሰታት ኤርትራዊ ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ኤርትራ - ንምፍታሽ ሓንቲ መርማሪ ኮምሽን ኣውጺኡ። *ኣባላታ ከአ ማይክ ስሚሥ Mike Smith ካብ ኣውስትራልያ፣ ቪክቶር ዳንክዋ Victor Dankwa ካብ ጋና፣ ሸይላ ኪይታሩሥ Ms. Sheila B. Keetharuth ካብ ማውሪቱስ ኢዮም።*

እዛ መርማሪት ሽማግለ እዚአ ንሕና ኤርትራውያን ደለይቲ ፍትሒ ከነንጥጦን ክንበጽሖን ዘምንኽእል ጎዳጕዲ ብምእታውን ንኣማኢት ግዳያት ናይቲ ስርዓት ዚኾኑ ዜጋታትናን ብምሕታትን ንእከይ ተግባራትን ገበናትን ስርዓት ህግደፍ ኣብ ሓደ 7-ሚእቲ-ገጻት ዚሓዘ መጽሓፍ ኣጠቓሊላቶ። ብመሰረት መጽናዕቲ ናይ‘ዛ ናይ ሕቡራት መንግስታት መርማሪት ኮምሺን ከአ ስርዓት ህግደፍ ብጥሕሰት መሰላት ደቂ-ሰባት፣ ምናልባት‘ውን ብጃምላዊ ምጽናት ዓሌት፣ ተኸሲሱ‘ሎ። ነዚ ጸብጻብ‘ዚ ናብ ልኣኺኣ ትካል ንምቕራብ ከአ ናይ ሕቡራት መንግስታት መርማሪት ኮምሺን ኣብ ቤ/ጽሕፈት ናይ‘ቲ ትካል ተረኺባ ንትሕዝቶታት-ጸብጻባ ከተቕርብ ምኳና ሓቢራን ዓዲማን ጸኒሐ። ብእኡ መሰረት ከአ መርማሪት ኮምሺን ናታ ፊቅያናጽነት (deliberation) ሂባ፤ ስርዓት ህግደፍ‘ውን ዕዱም ስለ ዚነበረ፣ ልሙድ ናይ „ጭጕራፍ‘ሲ ወቺዓ ተአዊ“ መደሪኡ ሂቡ፣ ክሳዕ‘ውን ኣብ መንጎ ጽዩፍ-ቃላት ከየዘውትር ብመራሕ ኣኼባ ተገዚቱ።

**ነገር ጀነቫ፡ ከምቲ ኣበው ዚብልዎ ኢዩ፡- ማለት „ሓቂስ ብኢዳ እንተ-ቀበርካያስ ብእግራ ትቕልቀል“ ኢዩ ።**

ከመይሲ፣ ስርዓት ህግደፍ ንህላወ-ባዕሉ ብዘመልክት ግዳይ ሸርሒታት ዓለም ከም ዚኾነ ኣምሲሉ፣ እሞ ድማ ንናቱ ፊቅያናጽነት (deliberation) ከተርንዕ፣ ንደገፍቱ ብዕለት 22 ሰነ ኣብ ከተማ ጀነቫ ኣብ ቅድሚ ቤ/ጽሕፈት ሕቡራት መንግስታት ኣሰሊፉ። መቸም ናይ‘ዚ ስርዓትን ናይ ተመጻደቕቱን ዕዉር ድርቅና ደረት የብሉን፤ ሎሚ‘ውን „ኤርትራ ብዀሉ መዳይ ጽቡቕ ጸብለልትነት ስለ ዘርኣየት ተቓናቐንቲ

መሰደሪ ሓቂ

በዚሖማ‘ሞ ዓገብ አባሁሉኒ“ ብዘስምዕ - ዚተሓደሸ - ዓዘርቆዘር አይትሓዚኒ ክብል ዳግም ተራእዩ። ናይ ህግደፍ ነገር „ትንፈር‘ምበር ሕጂ‘ውን ጤል‘ያ“ ኢዩ ነገሩ።

ስእሊ ደገፍቲ ህግደፍ አብ ቀጽሪ ቤ/ጽሕፈት ሕቡራት መንግስታት ዓለም አብ ጀነቫ



አብ ሳልስቲ ናይ‘ዞም ብመምርሒ ህግደፍ ዚዛረቡ ተሰለፍቲ ድማ ብዕለት 25 ሰነ 2015 አብ ከተማ ኢስራኤላዊት ቴል-ኣቪቭ ኣሺሓት መንእሰያት አብ ቅድሚ ቤ/ጽሕፈት ሕብረት ኤውሮጳ ተሰሊፎም ኣንጻር መሰረታዊ ጠንቂ ሽግራቶም ንዚኾነ ስርዓት ህግደፍ ተላዒሎም፣ ብሰልፎምን ተቓውምኦምን ንኣምስሉ ባህርያት ህግደፍ በዲሆም። ምንጪ ናይ‘ቲ ኵሉ ስደቶምን ስቅያቶምን ህግደፍ ምዃኑን ነዚ ሕጊ-ኣልቦ ስርዓት ካብ ኤርትራ ከየልገሰካ ድማ ናቶምን ናይ ህዝቦምን ጭንቀተ-መከራ ከም ዘየብቅዕ ንዓለም ብሰላማዊ ሰልፎም ሓቢሮም።

ነዞም መንእሰያት ብፍላይ አብ ሃገር እስራኤል ዚህድድ ፍሉይ ኵነታት‘ውን አብቲ ጭርሖታቶምን ጠለባቶምን ጎሊሑ ይርአ ነይሩ። ማለት እታ ሃገር ብኵነታት ዑቕባታቶም ዘይትግደስን ክሳዕ‘ውን አብ‘ቲ ዚሞጽሉ ናብ ናይ ሞትን ጥፍኣትን መንግስቲ አቢላ ከይትመልሶም ምኽኑይ ስግኣት ስለ ዘለዎም፣ ሃገራት ኤውሮጳ ሕብረት ንጕዳዮም ብቀረባን ብተገዳስነትን ክከታተላ‘ውን ጸዊዖም።

## ስእሊ ሰላማዊ ሰልፊ መንእሰያት ኣብ ሃገር እስራኤል፡-




ድሕሪ ሰሙን፣ ማለት ብዕለት 26 ሰነ 2015 ከአ ካልእ ኣስታት 7 ሺሕ ኤርትራዊያን ደለይት ፍትሒ ካብ ምሉእ ኤውሮጳ ዚተሳተፍዎ ርሱን ሰላማዊ ሰልፊ ንከተማ ጀነቫ/ስዊዘርላንድ ኣጥለቕለቓ። ኣብ ኤውሮጳ ዚነብር ደላይ ፍትሒ፣ ውዱባት ወይ ውልቀ-ሰባት ዳርጋ ብምልኣት ዘካተተ ሰላማዊ ሰልፊ ነይሩ። መንእሰይ ወለዶ ብዕጽፊ ጸብለል ኢሉ ዚተራእየሉ መድረኽ መኸተ'ውን ነይሩ።

እሞ ካብ ብቃላተይ ብዓቕሚ ካሜራይ ዚተታሕዘ ስእሊ ዝያዳ ንዓይኒ ምስክር ስለ ዚማርኽ እንሆ ገለ ካብ ኣሳእል ከይዲ ሰላማዊ ሰልፊ ጀነቫ ናይ 26.06.2015። ካብ ቦታ መተኣኻከቢና ክሳዕ ቤ/ጽሕፈት ሕ.መንግስታት ዓለም ናይ ኣስታት 6 ኪ.ሜ ጉዕዞ ነይሩ። እዚ ትርእይዎ ኣሳእል ገለ ክሳውዲ ጉዕዞ ጥራይ ምኳኑ ኣቐዲመ ከስምረሉ እፈቱ። ምኽንያቱ ከአ፡ እቲ ሰልፊ ማእለያ ስለ ዘይነበሮን ካሜራ ክትበጽሖ ዝኽኣለት ርሕቀት ኣዝዩ ድሩት ብምኳኑን ኢዩ።

መሰደሪ ሓቂ

ስእሊ ሰልፊኛ ንምብጋስ ክተኣኻከብ ከሎ፡-



ስእሊ ሰልፊኛ ኣካለ-ስንኩላትናን ኣደ-ቆልዑትን ኣምሪሑ ክብገስ ከሎ፡-



መሰደሪ ሓቂ

ስእሊ ሰልፈኛ ኣብ ኣፈና ጕዕዞ ከሎ፡-



ሰልፈኛ ኣብ ማእከል ጕዕዞ ከሎ፡-



ሰልፈኛ ቀቅድሚ ኢጋ ምእታው ቀጽሪ ቤ/ጽሕፈት ሕቡራት መንግስታት፡-



ሰልፈኛ ምስቶም ኣብ ቀጽሪ ቤ/ጽሕፈት ዚጸንሑ ገለ ኣማኢት ኤርትራውያን ክሕወሱ ከለዉ፡-



## ስእሊ ድሕሪ ኣስታት ሓደ ፍርቂ-ሰዓት ኣብ ቅድሚ ኣፍ-ቀጽሪ ኣደራሽ ሕ/መ



ውልቀ ሚዛነይ፡- ናይ ደለይት ፍትሒ ሰላማዊ ሰልፊ ብዓቐኑን ዓይነቱን ዚዓበየ ነይሩ። ብዙሓት ኣብኡን ሽዕኡን ካብ ዘዛረብኩዎም መራሕቲ ውድባት ይኹኑ ውልቀ ፖለቲካውያን ነቲ ዉዕዉዕ ክውንነት'ቲ ከመይ ንግስጋሴ ኣቢልካ ትደፍኦ ከም ዘሻቕሎም ተገንዚበ። እወ፣ ዓለም ንደንበ ተቓውሚ ከም መተካእታ ክትቅበሎስ ይኹን፤ ብህዝባዊ ናዕቢ ንህግደፍ ንኽስዕሮ፣ ህዝቢ ኣብ ጎኒ ውድባቱን ፖለቲካዊ ትካላቱን ክዓስል ቅድመ ተደላይነት ኣለዎ። ንግዜኡ ነዚ ናይ ዲያስፖራ ህዝቢ ኣብ ጎንኻ ንኽዓስል መታን ሕጂ'ውን እቲ 60% ንህዝቢ 40% ከኣ ንውድባትና ዚብል - ናይ 2010 ናይ ኣቃቂ-ኮንፈረንስ - ዉዕል ከነስርሖ ክህልወና'ዩ። ስለዚ ከኣ ውድባት ባይቶን ወጻኢ ካብ ባይቶን ኣብቲ 40% ክሰማምዑ ክህልዎም'ዩ። ህዝቢ'ውን ከምኡ ንኹሉ ምልኣትን ብዝሕን ህዝቢ ብዘንጻባርቕ ቅዲ ነቲ 60% ብጽሒቶም ብፍትሒ ከመቓርሖ ይህልዎም። ንመበገሲ ኣብ'ዚ እፋነወኩም!

ሓውኹም ተክልሰንበት ተኽላይ
28th June, 2015
Bonn/Germany